


## ናይ ኩነኔ ጸዊዒትን ምሕጽንታን

## ንኣዕናዊን በታንን ወስታታት።

### ብኢሳያስ ኣስፍሃ

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ`ዚ ብሕሱም ግፍዕን ኣደራዕን ጃንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ ምስሉ ተደዊንሉ ዘሎ ፈታኒ እዋን፡ እቲ ዘለዎ ጸልማት ሃለዋት ከይኣኽሎ፡ ብእልፊ ጽያፎም ዘይከተቱ ተበለጽቲ፡ ያእዪ ካብኦምሲ ሓለይቲ ተመሲሎም ብዝተፈላለየ መልክዕ ብስሙ እናነገዱ፡ ነቲ ንመዋእሉ ተኸባቢሩን ተደጋጊፉን ብሓድነት ክጉዓዝ ዝጸንሐ ህዝብና ንቑልቁል ኣተፋኒኖም ናብ ሕንፍሽፍሽ ንኽምርሕ እዚ ዘይብሃል ካብ ባህልናን ልምድናን ወጻኢ ጽዩፍን ብዱዕን ቃላት እናተጠቕሙ፡ ኣብ ልዕሊ ሃይማኖታትን ብሄራትን ሃገርና ዘለፋን ምቁሻሽን ካብ ዝጅምሩ ሓያለይ ኣዋርሕ ኣቑጺሮም ኣለዉ። ኩልና ከም እንዝክሮ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ንማንም ክውክሉ ብዘይኽእሉ ገለ ሓላፍነት ዘይስምዖም ሰባት፡ ንህዝቢ ኣብ ክንዲ ናብ`ቲ ቀንዲ ጠንቂ ሕሰሙን ሽግሩን ዝኾነ ጸላኢኡ ጃንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ ዘተኩር፡ ዝተፈላለዩ ካብ መስመር ዘውጽኡን መኣዝን ዘስሕቱን ዛዕባታት ከም ጉዳይ ባንዴራ፡ ቋንቋ፡ ነቲ ህዝባዊ ገድሊ ሽፍትነት ኢልካ ምንዋር፡ ነቲ ክቡር መስዋእቲ ጀጋኑ ምኽሓድን ምጥላምን ካልእን ዝኣመሰሉ ልቢ ህዝቢ ከሰምብርን ከቕሕርን ዝኽእል ጉዳያት እናኣልዓሉ ነዚ ቃልሲ ሓርነት ኣብ ምድኻም ልሉይ ተራ ከም ዝጸንሑም ርዱእ ኮይኑ፡ ኪኒኡ ክኣ ሕጂ ብመንጽር እቲ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ዕድሜ በሊዑ እናተዳኸመን እናተነጸለን ኣብ ዝመጽኣሉ ዘሎ እዋን፡ መድሓን ነብሱ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ዝሕብሮም ከፋፈልቲ ኣብ መንጎ ህዝቢ ተጸፊዮም፡ እንሆ ብዝሓየለ መልክዖም ነዚ ህዝብን ነዛ ሃገርን ንምብታን ለይትን ቀትርን ክግዕሩ ይርኣዩ`ለዉ። ኣንትዕ ኣቢልካ ንምዝራብ፡ ካብ`ዛ ዝሓለፈት ዓመት 2016 ብስም "ተስፋጽዮን" ዝጽዋዕ ኢዮብ በርሀ ብዝተባህለ ግለ ሰብ ዝተጀመረ ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታትን ብሄራትን ኤርትራ ብዕሉግ ዘለፋታትን ግዕዘያትን በቲ ሓደ መዳይ፡ በቲ ሓደ መዳይ ክኣ ከም ግብረ መልሲ ህልኽ ዝተሓወሰ፡ ወከልቲን ተሓለቕቲን ሃይማኖት ምስልምናን ብሄራት ሃገርናን ብዝመስሉ ዝተፈላለዩ ውልቀ ሰባት ኣብ ልዕሊ ብሄረ ትግርኛን ሃይማኖት ኦርቶዶክስን ንኢዮብ በርሀ "ተስፋጽዮን" ዝረኸቡ መሲልዎም ኣሎ ዝብሃል ነውርታት ከሰክሙ ምፍታኖም ኢዩ።

እዋእ! ኣንቱም! ሰባት ወረ እንታይ ኢዩ ዝድለ ዘሎ? ሓቂ`ዩ ቡዙሓት ለባማትን ወራዙትን ዓገብ ይብሉ ኣለዉ፡ ይኹን`ምበር ገለ ውሑዳት ክኣ ነዚ ሓላፍነት ዝጎደሎ ጽዩፍ ተግባራት ዘምበድብድዎን ላምባ ዝኽዕውሉን`ውን ኣይተሳእኑን። ከም ሓቂ ንምዝራብ እዚ ጉዳይ`ዚ ብዊንታ እዞም ዝተጠቕሱ ሰባት ጥራሕ ዝተበገሰ`ዩ ኢልካ ክግለጽ ዝክኣል ኣይኮነንን፡ ማለት ብድሕሪ እዞም ሰባት ንዝተፈላለዩ ረብሓታት ብናይ ውሽጥን ግዳምን ሓይልታት ተወሃሂዱ ዝስርሓሉ ዘሎ ሽርሒታት ምኻኑ ስዉር ኣይኮነን። እቲ ናይ ግዳም ይጽንሓልና፡ ናይ ውሽጥና ንምዝራብ ኣብ ተመክሮ ከም ዝተዓዘብናዩ ዕጫ ኩለን ብውልቀ መለኽቲ ዝመሓደራ ዝነበራ ሃገራት ዝመሃረና ነገር እንተሎ ኣብ መወዳእትኡ "ብድሕሬና ሳዕሪ ኣይትብቆላ" ብዝዓይነቱ ከምዚ ሕጂ ኣባና ዝኽሰት ዘሎ ፈላላይን በታንን ዝኾኑ ጉዳያት ኣምጺእካ ኣብ መንጎ ህዝቢ ሓዊ ትርኩዕ`ሞ ብማዕዶ ኮይንካ በቲ ዝተባርዐ ሃልሃልታ እናሰሓንካ "ርኤኹም ወዲ ኣፎም ይሓይሽ ነይሩ" እናተባህለ መታን ክዝረበሉን ክዝከርን ዝግበር ዘሎ ሃቐነ ኢዩ። ናይ`ዚ ኣብነት ድማ እንሆ ኣብ ሃገራት ከባቢና ሶማል፡ ሊቢያ፡ የመንን ዒራቕን. . . ወዘተ ተራእዩስ ድሮ`ኳ ደገፍቲን ዑሱባትን ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት "ድሕሪ ኢሳያስ`ሞ መን ኣሎ? ሃገርና ከም ሶማል ከይትኸውን" እናበሉ ከም መፈራርሒ በትሪ ክጥቀምሉ ንሰምዕ ንርእን ኣለና። ሰለ`ዚ ነዚ ዝተጠቕሰ እኩይ ዕላማታት ንምትግባር በዞም ዝተጠቕሱ ልኡኻትን በተንትን ብፍላይ ኢዮብ በርሀ "ተስፋጽዮን" ዝተባህለ ሰብ ኣብ ብዙሕ ውልቃዊ ባህሪያቱን ታሪኹን እንተሪኢና ብሚሒር ስስዐን ፍትወት ንዋይን፡ ጥራይ ገንዘብ ዝረኽበሉ ኣጋጣሚ ይኹን`ምበር ጉዳይ ሓድነት ህዝብን ሃገርን ኣይንታዩን ኢዩ። ኣብ`ዚ ኣጋጣሚ ክዝከር ዝግብኦ እቶም ገለ ለባማት ዝመስሉ ልኣኽትን፡ ገለን ክኣ በትሪ ለባማት ሰዓብትን "ተስፋጽዮን" ካብ ዝብልዎ ንምጥቃስ ተስፋጽዮን ብስም "ኣግኣዚያን" ንዘቕርቦ ዘሎ ክትምልስሉ ወይ ክትምጉትዎ ካብ ዘይክኣልኩም ንሱ ኢዩ እቲ ሓቂ፡ ክብሉ`ውን ይስምዑ ኢዮም። ኣብ`ዚ ሕጽር ብዝበለ መልክዑ ክንጸር ዘለዎ ግን፡ ነዚ ጭቃ ዝኾነ በታኒ ኣተሓሳስባታት ክትምልስ ምፍታን፡ ወላ`ኳ ብገለ ግዱሳት ሓርበኛታት ደለይቲ ፍትሒ ከም እኒ ኣቶ ኣበድ ተስፋይ፡ ኣቶ ኣረጋይ ሓጎስን ኣቶ ሙሳ ዑስማንን ካልኦትን ብዝተወሰነ መልክዑ ክምልስሉ እንተፈተኑ፡ ኪኒኡ ከይድካ ምምላስ ግን ኣብ ደረጅኡ ምውራድን ብዓንደ ርእሱ ክኣ ካብ`ቲ ቀንዲ ዕማምን ውራይን ምእላይ ስለ ዝኸውን ኣይንመርጾን እዩ እቲ መልሲ።

ኣብ መወዳእታ ክብሎ ዝደሊ፡ እዚ ከምዚ ዝኣመስለ ኣዕናዊ ሰበኻን ጎስዓስን ቀንዲ ዒላማ ዝገበረ'ምብኣር፡ ነዞም ብድሕሪ መሪር መስዋእቲ ጀጋኑ ተኸፊልዎ ዝተረጋገጸ ናጽነት ኤርትራ ተወሊዶም ፍረ ስዉኣት ኣቦታቶምን ኣዴታቶምን ተሓሪምዎም፡ እንትርፎ ሕማቕ ጽቡቕ ከይረኣዩ ኣብ ሕቑፊ እዚ በራዚ ታሪኽናን መንነትናን ዝኾነ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ድሕሪ ምዕባይ፡ ብጨካን ምሕደራኡ ተማሪሮም እግሮም ናብ ዝመርሖም ሃጽ ብምባል ኣብ መላእ ዓለም ፋሕ ጭንግራሕ ኢሎም ዝተዘርዉን እቲ ሓቀኛ ታሪኾም ክፈልጡ ጠሪሾም ዕድል ዘይረኸቡን ንኣሽቱ ኣሕዋትናን ደቅናን ዝቐንዐን ዘተኮረን ከም ምኻኑ መጠን ክስተባሃለሉ ዝግባእ`ዩ። ምኽኒያቱ መንእሰይ ወለዶ እቲ ሓቀኛ ታሪኹን መንነቱን እንተፈሊጡን ነቒሑን ኣብ ቅድሚኡ ዝዓግቶ ሓይሊ ከም ዘየለ ኣብ ታሪኽ ዝተረጋገጸን ዝተሰነደን`ዩ፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ ክኣ እንሆ ኮነ ኢልካ ዝምቡዕ ታሪኽ ኣግኣዚያን`ባ ኣንድነት እናበልካ ብመደብ ክስርሓሉ ንርኢ ዘሎና። ስለዚ

ካብ`ዚ ብምብጋስ`ምብኣር ከም`ቲ ኣብ ኣርእስቲ እዚ ጽሑፍ ተጠቒሱ ዘሎ፡ ነዚ ብደገፍን ምወላን ዝተፈላለዩ ውሽጣውያንን ግዳማውያንን ሓይልታት ዳርጋ ኣስታት ንሓደ ዓመት ክግዓረሉን ክጉስጎሰሉን ዝጸንሐ ጽዩፍ ሃይማኖታውን ዓሌታውን ተግባራት ልዕሊ ኹሉ ክኣ ጸረ ኣህጉራዊ መትከላት ዝኾነ ናይ ዘመን እኒ እኒ ነበረያ ነበረ ኣምጺእካ ህዝቢ ምንቓት ብሕጊ እንክርአ ንሰብ ሞያ ሕጊ ዝግደፍን ዝስርሓሉን ዘሎ እኳ እንተኾነ፡ ግን ክኣ ብዓቕሚ ኩሉ ደላዪ ፍትሕን ሓድነትን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ክግበር ዝክኣል ግን ነዞም ብህዝባዊ መራኸቢታት ፈይስቡክ ይኹን ዩትዩብ ኣቢሎም ነዚ ህዝቢ ኣብ ምንቓት ተዋፊሮም ዘለዉ ሽነኻት ብዕሊ ክኹነኑ እዚ ማለት፡ ነፍሲ ወከፍ ግዱስ ካብ ዕርክነትን ምሕዝነትን ፈይስቡኩ ክሓኮምን ብዝተኻእለ መጠን ክኣ ናብ ዩትዩብ ኮነ ፈይስቡክ እዞም ሰባት እዚኦም ንህዝቢ ከናቑቱ ዓሌታዊን ሃይማኖታውን ተግባራት ከም ዝምህሩን ብምኽሳስ ክእገዱ ምግባር ዘጠቓለለ ጻዊዒትን ምሕጽንታን ብስም እቶም ኤርትራ ሃገርና ከም ኤርትራ ምስ ኩሉ ብዙሑነታ ክውንቲ ንምግባር ቅድምን ድሕርን ቦኹሪን ሕንሳስ ልደን ኮይኖም ዝወደቑ ጀጋኑና ደጊመ ደጋጊመ ኣቕርብ።

ኤርትራን ኤርትራውነትን ንዘልኣለም ክነብሩ`ዮም።

24 ጥሪ 2017
ሎንዶን ዓ/ብርጣንያ።